# ብሄራውን ሃገራውን መንነት እንታይ እዩ ፍልልያቶም?

ኣብ ቀረባ ዓመታት እቶም ድያብሎስ ወየንቲ ንህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር ኣሕዋት ኢና ሓደ ህዝቢ ኢና እንዳበሉ ሓድነትን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ ዘይፋሓርዎ ውዲት የለን ። ቀንዲ ዕላምኦም ድማ ኣብ ኤርትራ ንብሄረ ትግርኛ መሳርሒ ጌርካ እቲ ኣብ ኣርባዕታት ብውዲት ሃጸያውያን ንኤርትራ መቓቒልካ ከበሳን ቀይሕ ባሕርን ናብ ኢትዮጵያ፣ መታሕት ወይ ምዕራባዊ ሸነኽ ኤርትራ ድማ ናብ ሱዳን ንምጽንባር ዝነበረ ውዲት መልክዑ ቀይሩ ከበሳን ቀይሕ ባሕርን ኣካል ትግራይ ንምግባር ጽዑቕ ጎስጓስ የካይዱ ኣለዉ።

ነዚ ሑሱር ዕላማ ንምትግባር ኤርትራዊ ዝብሃል መንነት የለን። ኣብ ኤርትራ ናይ ትግርኛ፣ትግረ፣ቢለን ወ.ዘ.ተ ናይ ቢሄራት መንነት ጥራሕ እዩ ዘሎ ይብሉ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ብሄረ ትግርኛ ብቛንቋኡን ባህሉን ምስ ህዝቢ ትግራይ ሓደ ስለዝኾነ ሓደ ሃገራዊ መንነት እዩ ዘለና ኤርትራ ድማ ኣካል ትግራይ ኢያ ዝብል ዝንቡዕ ሙጉት እዮም ዘልዕሉ ዘለዉ።

ብርግጽ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ብሄረ ትግርኛ ኣብ ትግራይ ዘሎ ህዝብን ተመሳሳሊ ባህልን ቛንቛን ከም ዘለዎም ዘይካሓድ ሓቂ እዩ። ግን ሓደ ዓይነት ሃገራዊ መንነት የብሎምን። ሓደ ዓይነት ሃገራዊ መንነት ንክህልወካ ቛንቛን ባህልን ጥራሕ እኹል ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየ ጠማሪ ሓሳብ ኣብ ሃገራዊ መንነት ስነ-ኣእምራዊ ኣተሓሳስባን ሓባራዊ መረዳእታን ፍሉጥ ዶብ ዘለዋ ሃገር ናተይ ሃገረይ ኢያ ኢሉ ዝምከሓላን ንክስዋኣላን ንክከላኸለላን ሙሉእ እመንትን ምህላው እዩ።

ምቛም ሃገራት ኣብ ኤሮጳ ብመሰርሕ ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ መስፍንነት ዓንዩ ፍረ ውጺኢት ኢንዳስትራልያዊ ሰውራ ብርእሰማላዊ ምዕባሌ ዝተመስረታ እየን። ብኣንጻሩ ኤርትራን ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ ሳልሳይ ዓለም ዘለዋ ሃገራትን ውጺኢት ናይ ኤሮጳዊ መግዛእቲ ኣብቲ ምምቕቓል ዓለም ስክራምብል ኦፍ ኣፍሪካ (ዘ ዎርልድ) ዝተመስረታ እየን።

ስለ'ዚ ከም'ቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝርኤ ሓደ ዓይነት ቛንቛን ባህልን ዘለዎም ኣህዛብ ኣብ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሃገራት ፋሕ ኢሎም ብሰላም ይነብሩ ኣለዉ።

ሕጂ ዶብ ሃገራት ብቛንቛን ባህልን ኣሳቢ.ብካ ሓደሽ፡ ዶባት ክትሕንጽጽ ምፍታን ኣብ ዓለም ዘይውዳእ ነውጽን ሕንፍሽፍሽን ምፍጣር ማለት እዩ። ብመሰረቱ ዝምድና ብሄረ ትግርኛ ናይ ኤርትራን ብሄረ ትግራይ ናይ ኢትዮጵያ ዋላ ቅድሚ ኤሮጳዊ መግዛእቲ ከም ሓደ ፍሉጥ ዶብ ዘለዎም ብሓደ ስርዓት ብሓደ ተማሓዲሮም ኣይፈልጡን እዮም። ኣብ ታሪኽ ሰፈሩ እንረኽቦ ናይ ባዓል ኣሉላን ወ.ቢ.ን ጨካን ዝኾነ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብሙሉኡ ዝተፈጸመ ወራራት ጥራሕ እዩ።

ተጋሩ ኣብ ጽውጽዋይ ናይ ዓባይ ኢትዮጵያ ተሞርኪሶም ኣብ ሕልሚ ክነብሩ ኣይግባእን። ኣብ መንጎ ብሄራዊ መንነትን ሃገራዊ መንነትን ዘሎ ፍልልያት ክፈልጥዎ ኣገዳሲ እዩ። ብሄራዊ መንነት ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሉዕላዊት ሃገር ሕብረ-ብሄራዊ ኣቃውማ ዘለዋ ፍሉይነት ኣብ ውሽጢ ሓድነት ንምግላጽ ዝግበር ሕላገት እዩ። ተጋሩ ከም ሓደ ብሄር ናይ ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ብሄራት ኢትዮጵያ ሓቢሮም ብፍቕርን ሰላምን ማዕርነት ክነብሩ ክጽዕሩ ኣለዎም።

## ሃገራውነት(NATIONALITY) ዜግነት (CITIZENSHIP)

ናሽናሊትን ሲትዘንሺፕን ክልተ ዝተወሳሰበ ተመሳሳሊ መግለጺ ዘለወን ቃላት እየን። ብቛንቛ ትግርኛ መብዛሕትኡ ግዜ ክልቲኤን ዜግነት ተባሂለን ይትርጎማ።

ብዓለምለኻዊ ሕጊ ናሽናሊቲ መግለጺ ናይ ሓደ ሰብ ካበየናይ ዓሌት ወይ ካበየናይ ትውልዲ ዓዱ ምኻኑ ዝገልጽ፣ ከም ሰብ በዓል ቤት (ጉዑዝ)(SUBJECT) ዜጋ ናይ ሓንቲ ሉዕላዊት ሃገር እዩ። እዚ ድማ እታ ሃገር ሕጋዊ ስልጣን ኣብ ልዕሊ እዚ ሰብ ይህልዋንን ካብ ካልእ ሃገር ክትከላኸለሉን የኽእላን። ሲትዘብሺፕ ግን ሕጋዊ ቃል ኮይኑ ብሕጋዊ መሰርሕ ዝዋሃብ እዩ።

ሓደ ሰብ ሲትዘንሺፕ ክረክብ ብመሰረት ሓንቲ ሃገር እተውጽኦ ሕግታት ገለ ብትውልዲ ገለ ድማ ብሕጊ ሲትዘንሺፕ ክረክብ ይኽእል።

ዓንቀጽ 15 ናይ ኣዋጅ ኣድማሳዊ ሰብኣዊ መሰል "ዝኾነ ሰብ መሰል ናይ ናሽናሊትይ ኣለዎ።" "ዝኾነ ሰብ ናሺናሊትኡ ከሕይግ ወይ ድማ ካልእ ዜግነት ክቕይር ክኽልከል የብሉን" ይብል። ብንለምለኻዊ ልምድን ውዕላትን ዝኾነት ትኹን ሃገር ዜጋታታ መን ምኻኖም ክትውስን መሰል ኣለዋ። እዚ ድማ ብናይ ሕጊ ዜግነት ተተግብሮ ወይ ትገልጾ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ኩነታት ግን ዜግነት ብህዝባዊ ዓለምለኻዊ ሕጊ ይግዝኡን ይውሰኑን እዮም።

መሰልን ጉብእን ዜጋታት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ክፈላለ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ብሕጊ ዜግነት(CITZENSHIP) ክድራዕ ይክኣል።

ኤርትራ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ሕጋጋት ዜግነት ኣዝዩ ስነፍልጠታውን ሞጎታውን ዲሞክራስያውን ዝኾነ ሕጊ ዜግነት ሃገር እያ። መሰረት ሕጊ ዜግነት ኤርትራ ምስ ምህናጽን ምድምዳምን ምቛምን ሃገረ ኤርትራ ዝተኣሳሰር እዩ።

ኤርትራ ከም ግዝኣት ኢጣልያ ብሓደ ጥሪ 1890 ብንጉስ ኢምበርቶ ምስ ኣወጀ፣ ንመግዛእታዊ ስርዓት ዘገልግል ትሕተ ቅርጻ ከም ጽርግያታት፣ መንገዲ ባቡራት፣ ህንጻታት፣ ሕርሻታት፣ ፋብሪካታት፣ ክሳብ 1933 ብቀጻሊ ስራሕ ኣብ ኤርትራ ድልዱል ሰረት ምስ ኣንበረ ድማ ብ1935 ንኢትዮጵያ ወረሩ ንሓሙሽተ ዓመታት ገዚኢዋ።

ኣብ ኤርትራ እቲ ኣገዳሲ ዓቢ ነጥበ-መቐይሮ ካብ 1890-1933 ኣብ'ዚ ኩሉ ንመግዛእታዊ ስርዓት ንኸገልግል ዝካየድ ዝነበረ ስርሓት ካብ መላእ ኤርትራ ማለት ካብ መብዛሕትኤን ብሄራትና ኣብ'ቲ ስራሕ ይሳተፉ ስለዝነበሩ እቲ መሪርን ኣስካሕካሒ መግዛእቲ ጥልያን ሓድነት ፈጢርሎም። ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ ኣንጻር መግዛእቲ እንዳሓየለ ከይዱ በዚ ኣቢሉ ድማ ሃገራዊ መንነት ናብ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ክሰርጽ ኪኢሉ።

መሰረት ኤርትራዊ መንነት ዝፈጠረ እምበኣር እቲ ንኣስታት ኣርባዓ ዓመታት ዝነበረ መግዛእታዊ ግፍዒ ኢጣልያውያን ኤርትራ ከም ሃገር እቲ መስርሕ ሃገርነት ዝተዛዘመሉ 1933 ዓ.ም ነይሩ። ብድሕሪኡ ዝሰዓቡ ገዛእትንን ነዚኦም ንምምካት ዝተኸፍለ ክቢድ መስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱን ጥምረቱን ሃገራዊ ስሚዒቱን ንክብርኸ ዝገበረ እዩ።

ኣዋጅ ዜግነት ቁ. 21/1992 ካብዚ ሃገራዊ መንነት ዝተሃንጸሉን መሰርሕ ሃገርነት ዝተዛዘመሉ እዩ ዝምርከስ። እዚ ኣዋጅ ሓሙሽተ ዓበይቲ ኣርእስታትን ኣብ ውሽጡ ዝርዝር ሓበሬታ ዘለዎ መሰረቱ ኤርትራዊ ዜግነት ሃገራውነት ወይ ናሽናሊቲ ብትውልዲ ኤርትራውነት ምኻኑ እዩ ዘነጽር። ከምኡ'ውን ኑቶም ድሕሪ 1934 ኣብ ኤርትራ መጺኦም ክሳብ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ኤርትራ ዝተቀመጡን  ኤርትራዊት ወይ ድማ ኤርትራዊ ናይ ካልእ ዜጋ ብመውስቦ ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋታት ዝተመርዓዉ መጻምድቶምን ብወዲ ጡብ ኣዶፕሽን ብፍቃድ ከም ዝዋሃብ የነጽር።እዚ ብፍቃድ ዝተዋህበ ዜግነት ዝኾነ ሰብ ምስ ሃገራዊ ድሕነት ሃገር ዝጋጮ ተግባራት ምስ ዝፍጽሙ ዜግነቶም ክስረዝ ምኻኑ የነጽር።

ዕላማ ናይ'ዚ ጽሑፍ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ መንነት ብወያነን ጥምዓት ተጋሩን ዝካየድ ዘሎ ጎስጓስ ኤርትራዊ መንነት ኩቡር መንነት ብደምን ኣዕጽምትን ስውኣትናን ብጻዕርን ስራሕ ህዝብና ዝተነድቀ ምዃኑ ነቲ ስንኩፍ ሞጎቶኦም ንምብዳህ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ግርማይ የማነ

ርያድ ሱዑዲ ዓረብ                    14/04/2022